
Tigrinja - Råd och information inför rotfyllning

ምኽርን ሓበሬታን ሱር ስኒ ክምላእ እንከሎ

ናይ ስኒ ኣሰራርሓ

መብዛሐትኡ ነገራት ስኒ ተሪር ዝኾነ ነገር እዩ። ብደገ ንስኒ ዝከላኸል ኤማሊ ይበሃል፤ እዚ ኤማሊ እንብሎ እቲ ዝተረረ ነገር ኣብ ኣካል እዩ። ኣብ ውሽጢ ኤማሊ ድማ ደንቲን ዝበሃል ይርከብ፤ እቲ ደንቲን ድማ ንፑልፓ ይሸፍን። ኣብ ናይ ስኒ ፑልፓ ብዙሓት መትንታት ደምን መትንታት ኣእምሮን ይርከቡ። ስኒ ካብ ርእሲ ስኒ ክሳብ ሱር ስኒ ምስ ካልኦት ህዋሳት ናይ ኣካል ርክብ ኣለዎ።



ምኽንያት ንሱር ስኒ ምምላእ (ምሕታም)

እዚ ሕክምና እዚ ንኽካየድ ናይ ግድነት እዩ፤ ምኽንያቱ እቲ ፑልፓ ነዲሩ ወይ ድማ ረኺሱ ስለዘሎ ኣዩ።ምናልባት እቲ ስኒ ብርቱዕ ናይ ሓሳኹ ሽግር ስለዘጋጠሞ፤ ዓመቑቲ ዝተሓትሙ ኣስናን፤ወይ ድማ ማህረምቲ ኣብ ስኒ ፤ወይ ድማ ኣስናን ምሕርቃምን። እቲ ቐንዲ ጠንቂ መጥቃዕቲ ናይ ካሪስ/ምብዕኻኽ ኮይኑ፡ ከምኡውን ብዓሚቅ ምምላእን ምንቃዕ ስኒን ኪኽውን ይኽእል እዩ ።

ክንክን ሕክምና

እቲ ክንክን ሕክምና ድማ ሓኪም ስኒ ነታ ሕምምቲ ፑልፓ የልግሳ። እዚ ኣገባብ ንመክያድ ድማ ብፍሉያት መሳሪያ ብመብረድ´ይካየድ።ብድሕር እዚ ነታ ስኒ ንሱር ዝሓትም ነገር ጌሩ ይሓትም። እቲ ልሙድ መሕተሚ ስኒ ኣቕሓ ሽሙ ድማ ጉታፐርካ ይበሃል፤ እዚ ኣቕሓ እዚ ጎማ ዝመስል ኣቕሓ እዩ።

ኣብ እዋን ክንክን ሕክምና ሓደ ጎማ ከም ጨርቂ ኮይኑ ነታ ስኒ ይሸፍና፤ ርእሲ ስኒ ግን ትርኢ። እዚ ኣገባብ ስራሕ ዝካየድ ድማ ምእንቲ ነታ ናይ ስኒ ፑልፓ ሓሳኹ ካብ ኣፍ ንኽይኣትዉ ይከላኸል። ብተወሳኺ ድማ ነታ ስኒ ካብ መሳርህታት ኣቑሑት ናይ ስኒ ኣብ እዋን ክንክን ሕክምና ንኽይትህሰን፤ ከምኡውን ካብ መጽረዩ ስኒ ፈሰስትን ይከላኸል። እዚ ክንክነ ሕክምና ድማ ኣብ ፍሉይ ቦታ ስኒ ብመደንዘዚ ይካየድ።

መብዛሕትኡ እዋን እንተድኣ ምናልባት እቶም ናይ ፑልፓ ሻምቡቆታት ጸበብትን ነባጣት ምስ ዝኾኑ ናብዚ ምምልላስ የድሊ። እቲ ልሙድ ብድሕሪ 2-4 ናብ እንዳ ሓኪም ምምልላስ ክንክን ሕክምና ይውዳእ።

ኣብ ምብጻሕ ክፍሊ ሕክምና ሓኪም ስኒ ሓደ ጭቃ ዝመስል ነገር ጌሩ ምእንቲ ሓሰኹ ከይፋረዩ ነታ ስኒ ይኸድና። እታ ስኒ ድማ ግዚያዊ መሕተሚ ካብ ሓሰኹ ንምክልኻል ይግበረላ። ኣታ ሱራ ዝተሸፈነት ስኒ ድማ ንኹሉ ግዜ ዘካይድ መሕተሚ ወይ ሰብ ዝሰርሖ ስኒ ይግበረላ።

ህጹጽ ሕማም

ብድሕሪ ክንክን ምሕታም ስኒ ንቑሩብ ግዜ ቃንዛ ይገብረልካ፤ ነዚ ቃንዛ መዝሓሊ ድማ ከኒና ክውሰድ ይክኣል ።

ቃንዛን ረስንን /ወይ ሕበጥን ምስዝፍጠር ምስ ክፍሊ ሕክምና ስኒ ርክብ ትገብር።

ሽግራት

ዋላኳ ንጥፈትን ጥንቃቐን ኣብ እዋን ክንክን ሕክምና ስኒ እንተሎ፤ ሳሕቲ ኣብ ሱር ምሕታም ሽግራት ክፍጠር ይኽእል። ንኣብነት ረኽሲ ክምለስ ይኽእል፤ ሓደ መሰሪያ መስርሒንመሕተሚ ሱር ክስበር ወይ ድማ እታ ስኒ ሰለትስበረት ረኽሲ ክፍጠር ይኽእል። ንኣብነት እቲ ረኽሲ ከም ብሓድሽ ተመሊሱ ከም ዝመጽእን ወይ'ውን ስኒ ክስበር ይኽእል እዩ።

ኣብ ጸብጻበ ክነእትዎ ዘለና


ቀንዲ ነገር ክነስተውዕሎ ዘለና እዚ ገዚያዊ መሕተሚ ስኒ ንስኒ ኣብ ውሽጢ ንዘለዉ ነገራት ኣብ እዋን ሕክምና ንኸይሞልቁ ይከላኸል። ሽግር ምስዝፍጠር ምስ ክፍሊ ሕክምና ስብ ትገብር።

Svenska - Råd och information inför rotfyllning

Råd och information inför rotfyllning

Tandens uppbyggnad

Tanden består till stor del av hårdvävnad. Ytterst har tandens krona ett skyddande lager av emalj som är kroppens hårdaste vävnad. Innanför emaljen består tanden av dentin som omsluter pulpan. Tandens pulpa består av ett rikligt antal blodkärl och nerver. Den sträcker sig från tandens krona ner till spetsen på roten eller rötterna och står i förbindelse med vävnad utanför tanden.



Orsak till rotfyllning

Behandlingen är nödvändig när pulpan är inflammerad eller infekterad. Den vanligaste orsaken är stora kariesangrepp men kan också bero på djupa fyllningar, slag mot eller sprickor i tanden.

Behandling

Behandlingen innebär att tandläkaren avlägsnar den sjuka pulpan. Detta görs med små specialfilar. Tanden fylls därefter med ett rotfyllningsmaterial. Det vanligaste fyllningsmaterialet heter guttaperka som är ett gummiliknande material.

Vid behandlingen sätts en gummiduk över tanden så att endast tandkronan är synlig. Detta görs för att avskärma tandens pulpa från bakterier i munnen. Den skyddar också från instrument och rengöringsmedel som används i behandlingen. Behandlingen utförs under lokalbedövning.
Ofta behövs flera besök, speciellt om tandens pulpakanaler är trånga och böjda. Vanligt är 2-4 besök innan behandlingen är klar.

Mellan besöken lägger tandläkaren en pasta i tanden som förhindrar växt av bakterier. Tanden får dessutom en tillfällig fyllning som förhindrar att det kommer in nya bakterier. Den rotfyllda tanden lagas sedan med en permanent fyllning eller en krona.

Akuta besvär

Efter en rotbehandling kan man få en övergående värk som vanligtvis kan lindras med vanliga värktabletter.

Vid feber i kombination med värk och/eller svullnad bör du ta kontakt med din tandvårdsklinik.

Komplikationer

Även om man är noggrann och försiktig i behandlingen av tanden kan komplikationer under eller efter rotfyllningen uppstå. Exempel på detta är att infektionen återkommer eller att tanden går sönder.

Att tänka på

Viktigt att tänka på är att den tillfälliga fyllningen som ska skydda tandens inre inte lossnar mellan behandlingarna. Skulle detta hända så ta kontakt med din tandvårdsklinik.